# ትርጉም ነጻነትና ሕጂ ንንበሮ

ኩላትና ከም ንፈልጦ፡ ነጻነት ማለት፡ ሰፊሕ’ዩ ትርጉሙ። ካብ ጸቕጢ፡ ካብ ባርነት፡ ካብ ካብ ቀይዲ፡ ካብ ግዴታ፡ ኢድ ኣእታውነት… ከምኡ’ውን ናይ ሃይማኖት፡ ፖለቲካ፡ ምንቅስቓስ ናይ ምዝራብን ምጽሓፍን…ነጻነት ክህልወካ ከሎ’ዩ ማለት’ዩ።

ንሕና ኤርትራውያን መዓልቲ ነጻነት ክንዝክር ኮለና፡ ኣብ ኣእሙሮና ዝመጽና ነገራት ኣዝዩ ብዙሕ’ዩ። ገለ ካብኡ፡ ከም ህዝቢ ኣብ ልዕሊ ነጻነት ዓሙቕ ትርጉም፡ ሉዑል ክብሪን ክቱር ህረርታን ከምዘለና ዘረጋግጽ፡ ኣብ ኣፍሪካ ዝነውሐን ዝመረረን ብረታዊ ቃልሲ ብምክያድ ሓድነትና፡ ጽንዓትና፡ ተጻዋርነትና ተወፋይነትናን ጅግንነትናን ንህዝቢ ዓለም ከምተኣምር ኣመስኪርና። ሃገርና ተስፋ ካለኣት ሃገራት ክትከውን ጀሚራ ከምዝነበረት ሕልናና ይምስክር።
ካልእ ኣብ ውሽጢን ኣብ ወጻኢን ንርከብ ኤርትራውያን፡ ዳስና ተኺልና፡ ሰቲና ረስሪስና፡ ኣጋይሽና ዓዲምና፡ ድግስ ደጊስና፡ ከም መርዓት፡ ጻዕዳ ተኸዲና፡ ብከበሮን እምብልታን…ብሓጎስን ብፍስሓን ክንስዕስዕን ከነኹድድን የዘኻኽረና።

እሞ ድኣ ዓለም ለኻዊ ትርጉም ነጻነትን ዝነበረና ዓሙቕ ትርጉምን ክብሪን ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ እንተኾይኑ፡ ሕጂ ደኣ ብመን ተባሒቱ? ከም ህዝቢ ኣብ ከመይ ኩነታት ኣለና? ዘለናዮ ኩነታት ዘሐጉስ ድዩ ዋላስ ብኣንጻሩ?… ዝብሉ ሕቶታት (ንኻላኣይ ኣካል ዘይኮነ፡) ባዕልና ንባዕልና ብቕንዕና (ብሓቂ) መለስትን ሓተትን እንተንኸዉን፡ ዘለናዮ ኩነታት ኣዝዩ ሕማቕ፡ ዘሕዝን፡ ዘብሳጨን፡ ዘነድርን…ኢልና ካብ ምግላጹ ዓዲ ኣይንውዕልን። ጽባሕ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ንነጻነት ዝዓዘዘ መከራና፡ ምስ ነጻነትና ማንታ ኮይኑ ዝተጋህደ፡ ካላኣይ ገጽ ናይ ሓንቲ ሳንቲም ኮይኑ ዝመጸና ባርነት ህግደፍ፡ ከም እቶን ሓዊ፡ ንኩላትና ዜጋታት እታ ሃገር ኣብ ሓደ ጠቢሱ፡ በሰልኡ መዓስ ከም ዝሓውይ ብዘይተፈልጠ ነበልባሉ ኣብ ዝሃለና ሃሊና፡ ዕለተ ዕለት የሳቕየና ኣሎ።

ህግደፍ፡ ነታ ሃገር ኣብ ዘመን ምዕባለ ኣብ ዓለም ቅዋምን ነጻ ቤት ፍርዲ ዘይብላ ኣንኮ ሃገር ኣስምይዋ። ህዝቢ ኤርትራ ናይ እምነት፡ ፕለቲካዊ ኣረኣእይኡ፡ ናይ ምዝራብን ምጽሓፍን መሰላቱ፡ ከምእውን ካብ ቦታ ናብ ቦት ናይ ምቅስቓስ መሰላቱ ተሓሪሙ፡
ሻዕብያ፡ ቦኽሪ ጽሓይ ዕለተ ነጻነትና መሊኣ ከይበርቐት ኮላ ጀሚሩ፡ ምስ ኩለን ጎረብብታ ብምንኻስ፡ ነታ ሓላል መሬት ብደምን ረሃጽን ደቃ ከምትጭቁ ገይርዋ። ኣብኡ ከይተሓጽረ ንሙሉእ ቀሪን ከልሕሞ ንሙከር ኣለና። ነታ ሃገር፡ ናብ ዓባይ ቤት ማእሰርቲ ቀይርዋ። ህዝብና ብሰንኪ ፖለቲካዊ ኣረኣእይኡን ሃይማኖታዊ እምነቱን፡ መዓልታዊ ብስውርን ብዘይስውርን ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ይዳጎን፡ ይርሽን፡ ከም ሕሱም ይግፋዕን እሎ።
ኣብዚ ዘመንዚ፡ ካብ ኤርትራ ይትረፍ ሰብ፡ ዕድል እንተረኺቦም እንስሳ ይሃድሙ ኣለው። መንእሰያት ደቃ ከም ደቂ ዛግራ ፋሕ ብምባል ኣብ ባሕሪ ብዓሳ፡ ኣብ ሰሃራ ብኣሞራ ይብልዑ ኣለው። እቶም ሂወትና ዝዓቀብና ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ረዳኢ ዘይብሉ ኣውያት ነእዊ፡ ከርተት ንብል፡ ኢድ ተኾብቲ ነማዕዱ፡ … ኣለና።

ናይ ሓንቲ ሃገር ተካእቲ ወለዶ መእሰያት ምኻኖም ኩላትና ንፈልጦ ኢና። ናይ ኢርትራ ተካኢ ወለዶ ብሉጽ ዕድሚኡ ከም ወኻርያ ኣብ ጎዳጉዲ ይሕልፎ’ሎ። መእሰያት ኣዋልድ ደቃ ብጾታዊ ዓመጻ ኣብ ትራማ ይነብራ ኣለዋ። ኤርትራ ብሰንኪ ሻዕብያ፡ ሰብ ሞይቱ እምኒ ዝድርቢ ቀባሪ ዝሰኣነላ ዝባደመት ዓዲ ኮይና ኣላ።

ኣዴታት ጠዋሪ ሲኢነን ከይፈተዋ ጉልባበን ቀሊዐን ክልምና ይውዕላ ኣለዋ። ዝዕንግሎም ዝሰኣኑ ቆልዑ ልክዕ ከምቶም ኣእምሮኦም ዝሰሓቱ እንዳበዝሑ ዝኸዱ ዘለዉ ዜጋትት፡ ናብ ጎደነታት ይውሕዙ ኣለዉ። ፈጣሪ ኣብ ማህጸን ዝፈጠሮ ድቂ (ህጻን) ሳዋ ከየርክብ ክብርዕን ( ከይውለድ) ንምነየሉ ዘመን በጺሕና። ብሻዕብያ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘይተነግረ'ምበር ዘይተፈጸሞ ግፍዕን መከራን የልቦን። እዚ ናይ ሎሚ ዕለታዊ ፍጻመ ጽባሕ ታሪኽ ኮይኑ ክዝንቶ'ዩ። ሽዑ ህዝቢ ዓለም ጥራይ ዘይኮነ ንባዕልና ባዕልና (ዕድመ ዝሃበና) ከም ህዝቢ ብዝሓለፍናዮ ሲኦል ክንስድመም ኢና።

ሓደ እዋን ኢሰያስ ምስ ሬድዮ  ዓቃብ ሰላም (UNMEE) ኣብ ዘካየዶ ቃላኣመጠይቕ ከምዝገለጾ፡ "… ኤርትራ ብዘይካይ ኣይትረኣየንን ኢያ…" ብምባል ትርጉም ናይ ሃገር (ዜጋ) ባዕሉ ቢሒትዎ። ስለዚ ስልጣኑ ከውሕስ ህዝቢን ሃገርን  እንተጠፍአ ግዱ የብሉን። ስልጣኑ ዘናዋሓሉ ዝኸፍአ መልክዑ ከኣ፡ ከምቲ ንጉስ ሰለሙን "ራኢ ዘይብሉ ህዝቢ ስዲ ይኸይድ" ዝበሎ፡ ህዝቢ ራኢኡ ኣጥፊኡ ከምዝበታተን ምግባር'ዩ። ህዝቢ (ብፍላይ መንእሰይ ወለዶ) ባህሉ ቓንቓኡ ልምዱን መንነቱን ከምዝጸልእን ከምዝሃስስን፡  ከም ዘይተኣማመን፡ ከም ዘይከባበር ከም ዝከፋፈልን፡ ተስፋ ከምዝቐርጽን፡ ምግባር'ዩ። ናይዚ መወዳእታ ዕላምኡ ከኣ ኣብ ውሽጢን ኣብ ወጻኢን ዘሎ ህዝብና ሕልንኡ የዕሪብካ ንነጻነቱን ንሓርነቱን ደው ከምዘይብል ምግባር'ዩ።

ህግደፍ ባዕሉ ብሰንኪ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ዝፍጽሞ ዘሎ ዘሰቕቕ ኢሰብኣዊ ተገባራት፡ ምስ ህዝቢ ሕቖን ከብድን እንዳኾነ ካብ ዝመጽእ ሓያል እዋን ኮይንዎ'ሎ። ይኹን'ምበር ዘለናዮ ኩነት፡ ንሓልፎ ዘለና ሕልፈት፡ ምስቲ ኣብ ሃገርና ዞባናን ዓለምናን ዘሎ ሓፈሻዊ ፖልቲካዊን ወተሃድራዊን ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው ደቂስካ ዘሕደር ኣይኮነን።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ሻዕብያ ሓላይ ህዝብን ሃገርን ብምምሳል፡ ሃገራዊን ህዝባዊን በዓላት እንዳኣብዓለ፡ ብመራኸቢ ብዙሓን ብምቅላሕ፡ ህዝቢ ኣብ ጎኑ ከምዘሎ ኣምሲሉ ብምቕራብ፡ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ረብሓታት ክረክብን ከም ቀደሙ ከደናግር ወትሩ ህርድግ ምስ በለ'ዩ። ብፍላይ ነዚ ኣብ ወጻኢ ዝነብር ህዝብና ገንዘብ ኣዋጽኡ እንዳበለ ከም ዘይትነጽፍ ላም ንዘልዓለም ክሓልቦ'ዩ ኣይጸልእን'ዩ።
ኩላትን ከም ንፈልጦ ዛጊት ካብ ህዝቢ ክረኽቦ ዝጸንሐ ኩሉ ዓይነት ረብሓታት፡ ኩናት ንምጽሕታር፡ ህዝቢ ንምህላቕ፡ ስልጣኑ ንምንዋሕ፡ ውልቃዊ ካዝናታቱ ንምኽዕባት፡ ንህዝብና ብሓለንጊ ባርነት ንምግራፍ ክጥቀመሉ ጸኒሑን ኣሎን። ንኣብነት ኣብዚ ለንቀነ፡ ህግደፍን  ሰዓብቱን ብስም ነጻነት ክረኽብዎ ዝኽእሉ ረብሓ ክጽንቅቁ ይሸባሸቡ ኣለዉ። እቲ ስርዓት ነጻነትና ገፊፉ ኣብ ዲቕ ዝበለ ጸልማት ሸሚሙና እንከሎ፡ ህዝቢ ኣብቲ በዓል ክጽንበር የብሉን ጥራይ ዘይኮና ክንኹንኖ ይግባእ።

ትርጉም ነጻነት ብሓቂ ዝግለጽን ንነብሮን እምበኣር ብኣእሙሮና ክንልወጥ (ሓርነት ክርከብ) ኮሎና'ዩ። ልዕሊ ኩሉ ነዚ ዝረግጸና ዘሎ ስርዓት፡ ኣሊና ብዘይ ፍርሒን ጸቕጢን፡ ብሓርነትን ብፍትሕን ኣብ ሃገርና ንህዝቢ ተሓታቲ ዝኸውን ንደልዮ መንግስቲ ባዕልና ተኺልና ብዝደለናዮ መንገዲ ባዕልና ንባዕልና ክንመሓደር ኮለና'ዩ። ከምኡ'ውን ንድኽነት ድሕረትን ጎዳእቲ ልምድታትን ማሕበረ ቁጠባዊ ጸገማትናን ዘልላቒ ዝኾነ መፍትሒ ከንምጽኣሎም ኮለና'ዩ። እዚ ከኣ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላትና እንኮላይ ውልቃዊ ሓርነትናን ክብርናን ተኸቢሩ ብሰላም ፈጣሪ ዝሃበና ጸጋታት ሃገርና ከንስተማቕር ምስንጅምር'ዩ። ህዝብና ነነጻነት፡ ንሰላምን ፍትሕን ተቓሊሱ'ዩ፡ እንተኾነ ፈጺሙ ክርኽቦም ኣይከኣለን። ብዘይ ሰላምን ፍትሕን ከኣ ክረጋገጽ ዝኽእል ቀጻሊንን ትርጉም ዘለዎ ምዕባለን የልቦን።

ከምዚ ብሙኻኑ ከም ህዝቢ ህዝቢ ዘለናዮ ኩነታት ብዕቱብ ምግምጋም ይድልየና ኣሎ። ቁኑዕ ትርጉም ናይ ነጻነትናን ዝኸፈልናዮም መስዋእቲ ብምዝካር፡ ዓዕሙቕና ብምርዳእ፡ ዝነበሩና ናይ ነጻነት ክብሪታት ሂወት ክንሰኹዓሎም ብሓባር ማሕላና ነሐድስ። ዓቕምና

**ኣዋሃሂድና ከኣ ዝሕሸና ንምግባር መደባት ንሕንጽጸሉን ንተግባር ጽባሕ ዘይኮነ ሕጂ ንነቕለሉን ንነብረሉን ሰዓት ክኸውን ይግብኦ።**